ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ حزب النهضة الارتري للعدالة

ERITREAN RENAISSANCE PARTY for JUSTICE

# ኣዋጅ ምእላይ ካብ ስልጣን

*ሓፋሽ ተቃላስይ ህዝብና*
*መራሕቲ ፖለቲካውን ሲቪላውን ሓይልታት ኤርትራ*
*ኣቦወንበርን ኣባላትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ*

ንነዊሕ እዋን፣ ፖለቲካዊ ኣካይዳ ኣቦወንበር ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒን ገለ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈቱን፣ ኩሉ ሰብ ብዓቢ ስክፍታ ክከታተሎ ከም ዝጸንሐ ፍሉጥ ኢዩ። ምኽንያት ናይዚ ስክፍታ ሰልፊ ሕዳሰ፣ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ፣ ንጹር ዕላማን መትከላትን ዘለዎን፣ ኣብ ሃገራዊ ራእይ ዝተመስረተ ብምንባሩ፣ ኣቀረርባ መራሕቱን ኣብ ልዕሊ ምልካዊ ስርዓትን ሃገራዊ መርገጽ ዘራጉድ ተራኣምን ንፍትሓዊ ጉዳያት ህዝቢ ኤርትራ ዘዕዝዝን፡ ከምኡ'ውን ነቲ ስርዓት ንምውዳቕን፡ ደሞክራስያዊ መተካእታ ብምምጻእ፣ ፍትሒን፡ ሓርነትን፡ ክብርን ብልጽግናን ኣብ ሃገርና ንምትካል ዝግበር ቃልሲ ንምቅልጣፍን ንምዕዋትን፡ ንዝተኻየደ ሃገራዊ ጻዕርታት ንጡፍ ተሳትፎ ነበሮም። ካብዚ እምንቶ እዚ ብምብጋስ ከኣ ናብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተጸንቢሩን፣ ድሒሩ እውን ኣብ ምምስራት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብንጥፈት ብምስታፍ ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዝነበሮም ኩሎም ሃገራውያን ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ። ኣብ መስርሕ ቃልሲ ድማ ምስ ኩሎም ሃገራውያን ሓይልታት ድልዱል ዝምድና ቃልሲ ከም ዝነበሮ፣ ሰልፍና ኣብ መንጎ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ ዘተን ምቅርራብን ኣብ ምርግጋጽ ልሉይ ተራን መርገጺታት ነይርዎ ኢዩ። ብሲቪላውን ፖለቲካውን ውድባት ሃገራዊ ረብሓ ንምርግጋጽ ዝካየድ ቃልሲ ንምስጓም፣ መስርሕ ለውጢ ንምቅልጣፍን፣ ሃገራዊን ጽኑዕ መትካላቱን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእተወ፣ ሓደ ካብቶም ዓቢ ተራ ዝተጻወተ ኣካል እዩ።

ኦ ጽኑዕ ህዝብናን ኣባላትን ደገፍትን ሰልፊ ሓዳሴ ኤርትራ

ብኣንጻር ናይቲ ኣቀዲምና ዝጠቐስናዮ ግደ፡ ማለት ሰልፍና ነቲ ዝተመስረተሉ ዕላማታት እሙን ምኻንን፡ ኣብ መትከላቱ ምጽናዕን፡ ከምኡ'ውን ንጹርን ልሉይን ሃገራዊ ግደኡ ምዕቃብን፡ ተሓታትነትን ግሉጽነት ዝሕላገቱ ኣካይዳ ሰልፊ ምዕዛዝን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ንሰልፍና ናብ ኣዕናዊ መኣዝን ዝመርሕ ጉጅለ ኣጋጢሙና ምህላዉ ኩላትኩም ትከታተልዎ ዘለኹም ኣሰካፊ ክውንነት ኢዩ።
እዚ ጉጅለ'ዚ ብከቢድ ቃልስን ተወፋይነትን ሓርበኛታት ኣባላቱን ዝሰረጸ መሪሕ ሃገራዊ ግደ ሰልፍና፣ ገባትን ኣግላልን ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ኣሊኻ ፍትሕን ማዕርነትን ዝሰፈኖ ስርዓት ንምትካል ብደሚቕ መትከላት ዝተሰነየ ንጹር ፖለቲካዊ ፕሮግራሙን ህገ ህንጽኡን ከምኡ'ውን ውሳኔታት ጉባኤኡን ረጊጹ፡ ኣንጻር ውፉያት ኣባላቱን ካልኦት ሃገራውያን ሓይልታትን ኣብ ናይ ጸለመ ወፍሪ ተሸኺሉ ይርከብ። ኣብዚ ከይተሓጸረ ከኣ ንደመኛ ስርዓት ህግደፍ ዘጸባብቕን ገበናቱ ከመኻኒን ኣፈኛ ስርዓት ክመስል ዝፍትንን ኣካይዳ ሒዙ ይጓዓዝ ኣሎ። ሕጂ'ውን ኣካይዳ እዚ ጉጅለ'ዚ ናብ ሓደገኛ ጥርዚ ብምብጻሕ፣ ኣቦወንበር ስልፊ ንኣባላትናን ንደገፍትናን ኣብ ክንዲ ናይ ቃልሲ ንያቶም ክብ ምባል፣ ንዓድኹም ተመለሱ ዘስምዕ ዓስዓስ ከካይድ ይርከብ። እዚ ኣካይዳ'ዚ ንሰልፍና ኣብ ቅድሚ ተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ ዘይመልከዑ ዝህብ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፣ ነቶም ተቓለስቲ ሰልፊ ሕዳሰን ኡሎም ሃገራውያን ሓይልታትን ደለይቲ ፍትሕን ዝኸፈልዎን ገና ዝኽፍሉዎ ዘለዉን መስዋእቲ ምኽሓድ ኢዩ።

ካብዚ ሓቅታት'ዚ ብምብጋስ እምበኣር፣ ንሕና መሰረትን; ኣባላትን መሪሕነትን: ሰፊሕ መሰረታት ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ፡ መትከላትና፡ ዕላማታትና፡ ከምኡ'ውን መንገዲ ቃልስና ዓቂብና፡ ምስዚ ጉጅለ'ዚ ብልዝብን ብሕውነታውን ኣገባብ መፍትሒታት ንምርካብ ዘካየድናዮ ሰንሰለታዊ ዘይተኣደነ ጻዕርታት ኣብ ዕጹው መንገዲ ስለ ዝበጽሔ፡ ንኣቦወንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሓው ዶክተር መሓመድ ቡርሃን እድሪስን ንኣቦወንበር ማእከላይ መሪሕነት ሓው መሓመድ ሳልሕ ሓጎስን ካብ ዕለት 13.07.2024 ጀሚርና ካብ ሓላፍነት ኣሊናዮም ምህላውና ንኣባላትናን ንኹሎም ሃገራውያን ደለይቲ ፍትሕን፣ ብፍላይ ድማ ንመሪሕነትን ኣካላትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ክንሕብር ንፈቱ።

እዞም ዝተጠቕሱ ኣሕዋት ካብ መዝነቶም ተኣሊዪም ስለ ዘለዉ ንሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ ከምዘይውክሉን፣ ዝኾነ ዝወስድዎ መርገጻትን ውሳኔታትን ብቃል ይኹን ብተግባር ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ ከምዘይቅበሎን ተሓታቲ ከም ዘይኮነን ሳዕቤናቱ ድማ ከም ዘይስከምን ነፍልጥ።
በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ኣባላትናን ደገፍትናን ነቲ ነዊሕ ተቓሊስኩም ዘስረጽኩሞ ዕላማታት ሰልፍኹም ካብዛ ኣዕናዊት ጉጅለ ክትከዶ ዝጸነሐት ድንግርግር ወጺኡ ስለ ዝርከብ; ሎሚ ውን ከም ትማሊ ቃልስኹም ከተደንፍዑ  ንጽውዕ።

ከምኡ'ውን ንኹሎም ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ ነዚ ወሲድናዮ ዘሎና ሃገራዊ መርገጽ፣ ንደምበ ደለይቲ ፍትሒ ዘሕይል ብምዃኑ መጠን ደገፍኩም ከይፍለዮ ንምሕጸን።

ዓወት ነቲ ዘይንብርከኽ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ
ሓድነት ህዝብና ብቃልስና ክረጋገጽ እዩ
ውድቀት ንገባቲ ስርዓትን ዓንገልቱን
ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና

ግዝያዊ መሪሕነት ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ
ዕለት 13.07.2024